
በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።
“...ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዚወጽእ ኩሉ ቃል እምበር፡ ብንጌራ ጥራይ ኣይነብርን...”
ማቴ 4፡4
መበል 15 ዓመታዊ ጉባኤ (ኮንፈረንስ) ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን፡ መምበረ ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካ። ሓምለ (July) 11-14, 2013።
ቅድስት ሥላሴ ቤተክርስትያን ስያትል ዋሽንግቶን ።
ቀ. ቴድሮስ ተስፋይ
www.tewahdo.org

# ምንጪ ትምህርቲ ቤተክርስትያን ተዋሕዶ እንታይ እዩ?

- ❖ 1. The Holy Bible = Holy Scriptures = **መጽሓፍ ቅዱስ** (ንኣብነት ሕጊ ኦ.ተ.ቤ. ኤርትራ ገጽ 7-11)
- ❖ 2. The Holy Tradition (ትውፊት)
- ❖ 3. The Liturgies (ሥርዓተ ቅዳሴ)
- ❖ 4. The Fathers of the Church (ህይወትን ጽሑፋትን ኣቦታት ቤተክርስትያን)
- ❖ 5. The Councils (ጉባኤታት መንፈስ ቅዱስ)
  - ❖ 1.ጉባኤ ንቅያ ፡ Nicea: 318 Bishops; 325 A.D. ;1st part of creed
  - ❖ 2.ጉባኤ ቁስጥንጥንያ፥ Constantinople: 150 Bishops; 381 A.D.; 2nd part of creed
  - ❖ 3.ጉባኤ ኤፌሶን Ephesus: 200 Bishops; 431 A.D.
- ❖ 6. ቅርስን ሃብትን ቤተክርስትያን Art:
  1. ዜማታት Hymnology: theology in tunes.
  2. ቅዱሳት ስእልታትን Iconography: theology in color.
  3. ቅርጽን ንዋየ ቅዱሳትን ቤተክርስትያን Architecture of the Church

www.tewahdo.org

# ኣነ መን እየ?

ሰብ፣ ኣካል + መንፈስ + ነፍሲ እኳ እንተለዎ ግና ሓደ ምሉእ ሰብ እዩ። ኣካል፣ ነፍሲ፣ ህዋሳቱ፣ ልቡ፣ ኣእምሮ/ እተሓሳስብኡን ስምዒቱን ኩሉ ኣይፈላለን እዩ። እዚኣቶም ኩሎም ብሕብረት ብስም እታ ኣብ ውሽጢ ሰብ እትርከብ መንግስቲ ኣምላኽ እናሰርሐ ዝነብሩ መሓውራት-ጽድቂ እዮም (ግብ 9: 15)። 1 ተሰሎንቄ 5፡23




ሰብ = ድምር (ኣካል + መንፈስ + ነፍሲ)

www.tewahdo.org




**ነፍሲ:-** ስምዒት፣ ተዘክሮ፣ ፍቓድ፣ ፍቕሪ፣ ፍርሂ ወዘተ ካብኡ ይበቁል። ልቦና ወይ ኣተሓሳስባ ንኣእምሮ ወኪሉ ኣብ ብዙሕ ነገራት ይጥቀስ እዩ (ያእ 1.7-8)። ንልቢ ወዲ ሰብ እቲ ዋንኡ ወይ እቲ ዝፈጠሮ ኣምላኽ እንተዘይኮይኑ ካልእ ዝፈልጦ የለን (ኤር 17፥9) ። e.g. Vacation

**መንፈስ:-** እዚ እቲ መንፈሳዊ (መንፈስ) ክፋል ሓደ-ሰብ እዩ። ብኣርኣእያ ስነ መለኮት: ነፍሲ ዘለኣለማዊ (ዘይመውት) እዩ። እናሻዕ ንነፍሲ መንፈስ ወይ ህይወት ብዝብሉ ቃላት ንገልጸ ኢና። e.g. ጸሎት፡ ጾም፡ ቃል እግዚኣብሔር መልሲ ሃ. ጴጥሮስ "… *ጐይታይ፡ ንስኻ ናይ ዘለኣለም ህይወት ቃል ኣሎካ፡ ናብ መን እሞ ኽንከይድ፧…*" ዮሃ 6፥68

**አካል :-** እቲ ንውሽጣዊ ነገራትና ሽፈኑ ሒዝዎ ዘሎ ነገር እዩ። ህይወት ንዘለዎም ነገራት ኩሎም ደጋዊ መልክዮም፣ ጥዕናኦም፣ ደመ-ትርኢቶም ዝውክል እዩ። ኣብነታት ኣካልና: ርእሲ፣ ክሳድ፣ ኣእዳውን ካልኦትን ።
ህዋሳት ሰብ (ምርኣይ፡ ምስማዕ፡ ምድህሳስ፡ ምሽታት፡ ምጥዓም)
e.g. Gym (Exercise)



- ❖ ስእነት ምግቢ … ብብዝሒ ምብላዕን ስዕቤኑን…
- ❖ጥዕና ክብርቲ ስለዝኾነት፡ ብዛዕባ እንበልዖን ዓይነቱን ዓቐኑን ሰፊሕ ትምህርቲ ይውሃብ።

www.tewahdo.org

## ብመንፈሳዊ ድኽነት ንሳቐ ከምዘለና ብኸመይ ንፈልጥ? ...ከመይ ኣሎኻ ኣይትበሎ ኣብ ገጹ ርኣዮ...! መንፈሳዊ ሕማም በቲ ንነብሮ ዘሎና ሕይወት እዩ ዝግለጽ...

❖ ክርስቲያን ብእምነት እዩ ዝነብር...

*እምነት ካብ ምስማዕ እያ...እቲ ዝስማዕ ከኣ ቃል ክርስቶስ እዩ..." ሮሜ 10፥17*

❖ *ሰብ ምስ ካልእ ሰብ ብሰላም ኪነብርውን እምነት የድልዮ። ምሕላው ዘድልዮ ኣራዊት 'ዩ*

❖ ሎሚ እምነት ኣብ ቦትኡ ኣሎዶ?

- ❖ ጥልመት ንፈጣሪ፡ ጥልመት ንብዓል/ብዓልቲ ቃል ኪዳንካ፡ ጥልመት መብጽዓ፡... ብውልቂ፡ ብደረጃ ሕዝቢ፡ ብደረጃ ሃገር ዝተኣትወ መብጽዓ ...
- ❖ ኣብ ክንዲ ፍቕሪ ገኒኑ ንርእዮ ጽልኢ፡ ጭካኔ፡ ዓመጽ...ንዓይ ይጥዓመኒ...
- ❖ ንፍትሒ፡ርትዒ፡ ንስለ ማዕተቡ ኢሉ ዝምስክር ብብዝሒ ኣሎዶ?



❖ ምሳሌ ሰለስተ ኣእዛኖም ብሕማም ዝጸመመ ሰባት...

❖ ብሰንኪ ጥልመት፡ ሰኣን ጽን ኢልካ ምስማዕ፡ ተጋግየ ምባል ... ሕዝብና ኣብ ቅልውላው ይነብር ኣሎ... "ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ።" ሆሴእ 4፥6

www.tewahdo.org

# ካብ መንፈሳዊ ድኽነት ን ሳዕቤኑን ክንድሕን እንታይ ንግበር?

## 1) ብስርዑ መገዲ ንዕለታዊ መገብ






ነቲ ኣብኡ እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ኽትገብሮስ፡ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፡ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ኻብ ኣፍካ ኣይትፍለ። ሽዑ መገድኻ ተቐንዕ እሞ፡ ሽዑ ድማ ኪሰልጠካ እዩ። ኢያሱ 1:8

❖ዎ እስራኣኤል፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ሓደ እግዚኣብሄር እዩ። ንስኻ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓይልኻ ፍተዎ። እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ቃላት ኣብ ልብኻ ይኹን። ንደቅኻ ምሀሮም፡ ኣብ ቤትካ ኾፍ ምስ በልካን ኣብ መገዲ ኽትከይድ ከሎኻን ኣብ በጥ ምባልካን ኣብ ምትንሳእካን ብእኡ ተዛረብ። ንምልክት ኣብ ኢድካ እሰሮ፡ ኣብ መንጎ ኣዒንትኻ ድማ ክታብ ይኹን። ኣብ ልዳት ቤትካን ኣብ ማዕጾኻን ድማ ጽሐፎ። …" ዘዳ 6:3-9።

❖ናይ ሞያተኛታት ቃለ መጠይቕ…

www.tewahdo.org

ምሳሌ፡ ሓደ ድራማ… ቀደም ኔሩ? ሎሚ ድኣ እንታይ ጸሓይ ኣሎ? እቲ ናይ ቀደም ብዘይ ምኽንያት ኣይነብረን፡ ዘይበልዐ ነይመንዐ'ዩ።

# ካብ መንፈሳዊ ድኽነት ን ሳዕቤኑን ክንድሕን እንታይ ንግበር?

## 2) ብጸሎት ን ጾምን ኣሰኒና ንመገብ

- ኣብ ሕግኻ ተኣምራት ክርእስ፣ ኣዒንተይ ክፈተለይ። … ንቓልካ ኼስተንትንሲ፣ ኣዒንተይ ነቶም ናይ ለይቲ ሓለውቲ ቐደማኦም። መዝ118፡19, 148።
- ንኣብነት፡ ሎሚ መዲተሽን… ዝብሃል…

"When you pray," St Jerome had written, "you talk to God. When you read the Bible, God talks to you."



"Lord, as I read the Psalms,
let me hear You singing.
As I read Your words,
let me hear You speaking.
As I reflect on each page,
let me see Your image.
And as I seek to put Your precepts
into practice,
let my heart be filled with joy."
{St Gregory of Nazianzus (329-389)}

www.tewahdo.org

## ካብ መንፈሳዊ ድኽነት ን ሳዕቤኑን ክንድሕን እንታይ ንግበር?
## 3)ክንፍጽሞን ክንነብረሉን ብምውሳን ንመገብ

❖ ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ። ሓደ እኳ ሰማዕ ቃል ኰይኑ ገባሪ እንተ ዘይኰነ፡ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት ዚርኢ ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ነፍሱ ይርኢ እሞ፡ ይኸይድ ብኡብኡውን ከመይ ምዃኑ ይርስዖ። ያእ 1፡22-24።

❖The best way to learn anything is to just do it! Make it part of your life.

❖ንኣኻ ምእንቲ ኸይብድልሲ፣ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዐቚርክዎ። መዝ 119፡11

እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ። 2 ጢሞ 3፡16-17



www.tewahdo.org

❖ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።¡ 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3፡15።

ንብፁእ ውቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!
ንብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብዚ ናይ ፈተና እዋን ኣብ ኣገልግሎቶም ዓወትን ኣሳልጦን ይሃብ!

❖ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።